# ቃል ሰዉኣትና ክይዓብር ናብ ልምዓትና ንዉፈር

## “ክይንፈላለ”

## እንካብ ኣርቲስት ኣዚዝ ሓጎስ

መነባብሮይ ኣብ ዓዲ ኣሜሪካ ቦስተን ከተማ ኮይኑ ዝማሓደሮ ብሙያይ ደርፊ ብምድራፍ እዩ።

ህዝብና እንካብ ድሑር መነባብሮን ደርባዊ ወፅዓን ንምንጋፍ ኣብ ዝተኻየደ ነዊሕን መሪርን ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብዓቕመይ ዝኽእሎን ዝግበኣንን ክሰርህ ዝፀናሕኹ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ይኹን እምበር ኹሉሻዕ እንካብ ኣእምሮይ ዘይፍለን ዘይጠፍእን፣ ጣዕምን ሃፍትን ክቕይሮ ዘይኽእል ሓሳብን ትዝታን ኣለኒ። ንሱውን ንህዝብና ሰላምን ዕብየት ንምምፃእ ኢሎም ክቡር ሂወት ደቆም ዘሰዉኡን ዝተሰዉኡ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዝምልከት እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚውይ ህዝብና ዝትንፍሶ ንፁህ ኣየርን ዘርእዮን ተሊምዎን ዘሎ ናይ ዕብየት መንገዲን ዘሕብን ምኻኑ ይእመንየ። ኾይኑ ግን ዝኸፈሎ መስዋእቲ ዝተደላደለ መነባብሮ ንክነብር ብምኳኑ እንካብ ድሑር መነበብርኡ ሙሉእ ብሙሉእ እስካብ/ዕ ዝላቖቖ ዝወሰደና ጊዜ ነዊሕ ብምኳኑ ቃልን ሓደራን ስዉዓትና ንምሙላእ እንካባይ ጀሚሩ ናይቱ ዘለናሉ ወለዶ ግደ ምኳኑ ብዕሊ እርዳእ።

ስለዝኾነም ኣነዉን ዘይሕለል ዓቕሚ ሒዘ ብሙዚቃ ሙያ ክእለተይ ልምዓት ንኽሳለጥ ንዘይተወሰነ እዋን ኣብ ሙሉእ ዓለም ጨናፍራ ዘርጊሓ እናንተንቀሳቐሰት እቶት ኣብ ምስብሳብ ንእትርከብ ዉዳበ “ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ማልት / TDA)” እንካብ ሎሚ ጀሚሩ ኣብ ጎና ብዝበለፀ ተሰሊፈ ኣብ ዝካየድ ፀረ ድኽነት ቃልስን ኣብዝትለሙ ናይ Fund raising programs ብምስታፍ ናይ ህዝብና እቶት ዝዓብየሉን መነባብርኡ ዝልወጠሉን ስራሕ ብነፃ ንምስራሕ (ንምድራፍ) ቃል እናኣተኹ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለም ዝርከባ ቅርንጫፋት ማልት/ TDA ኣብ ዝካየድ ምንቅስቓስ ብሙያይ ንኽሳተፍ ብኽብሪ ይላቦ።ብኣድራሻይ ንክትረኽባኒ ይሓትት;

ልምዓት ዓዲ ብደቂዓዲ!!

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዋኣትና!

እንካብ ድምፃዊ ኣዚዝ ሓጎስ

ሽልኪ ቁፅሪ፡ (1-617)671 -7803 E-mail: hagosaziz@yahoo.com

July 1, BOSTON